
## መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት



# ዳዊት እቲ ንጉስ (ካልኣይ ክፋል)


ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- Lazarus, Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Ruth Klassen

ተርጋሚ፦ ተስፈኣለም በራኺ፣ ሙሉጌታ ዘርኣይ፣ ጸሃይነሽ ታደሰ



ኣባዛሒ፦ Bible for Children
www.M1914.org



©2025 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ። ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣




ዳዊት ኣብ ደቡባዊ እስራኤል ንጉስ ይሁዳ ነበረ። እቶም ዝተረፉ እስራኤላውያን ግን ንኢሸቦሸት ወዲ ሳኦል ንጉስ ኣብ ልዕሊኦም ኣንገስዎ፡ ንሸውዓተ ዓመት ድማ ውግእ ሓድሕድ ኮነ፡ ዳዊት ግን እናሓየለን፡ እናበርትዐን ከደ ።



ኣብ መወዳእታ ንጉስ ኢሽቦሽት ብኽልተ ወተሃደራቱ ተቐትለ።




3

ኵሎም ነገዳት እስራኤል ከኣ ናብ ዳዊት መጺኦም ኣብ ልዕሊ እስራኤል ንጉስ ክኸውን ቀብእዎ። ኣብ መወዳእታ ዳዊት ኣብ ልዕሊ ኹሉ እቲ ህዝቢ ንጉስ ኾነ ።




4

ንጉስ ዳዊት መጀመርታ ዝገበሮ ንኢዮርሳሌም ምቁጽጻር ኢዩ ነይሩ፡ እታ ከተማ ድማ ከተማ ዳዊት ተባሂላ ተጸውዐት፡ ከም ዕርዲ ጸላእቱ ገይሩ ከኣ ዳግም ሃነጻ፡ ሰራዊት ዳዊት ድማ ንፍልስጥኤማውያንን ንኻልኦት ጸላእቲ እስራኤልን ኪስዕሮም ካብ ኢዮርሳሌ ተላዕሉ።



5

ቀጺሉ ንጉስ ዳዊት ንታቦት ኣምላኽ ናብ ኢዮርሳሌም ኣምጽኦ፡ እቲ ታቦት ኣምላኽ ቅዳሕ እቲ ኣምላኽ ንሙሴ ዝሃቦ ዓሰርተ ትእዛዛትን ካልእ ሕግታትን ሒዙ ነበረ፡ ንእስራኤላውያን ድማ ቅድስና ኣምላኽን፡ ምእዛዝን ዘዛኻኽሮም ኢዩ።



6

ዳዊት ኣብ መጀመርታ ንግስንኡ ብዙሕ ኲናት ኪዋጋእ ነበሮ፡ ጥበበኛ ወተሃደርን፡ ካብ ኣምላኽ ምርሒት ንምርካብ ዝጸለየ
ትሑት ሰብን እዩ ነይሩ ።




7

ታቦት ኣምላኽ ኣብ ድንኳን እንዳሓደረ፡ ዳዊት ኣብ ጽቡቕ ቤት ምቅማጡ ሕጉስ ኣይነበረን፡ በዚ ድማ ዳዊት ን ታቦት ኣምላኽ ዝኸውን ቤተ መቅደስ ክስርሓሉ ወሰነ፡ እቲ ነብዩ ኣምላኽ ዝነበረ ናታን ድማ ነቲ ዝሓሰቦ ክገብሮ ነገሮ።



8



በታ ምሸት እቲኣ ኣምላኽ ንዳዊት ክምዚ ዝብል መልእኽቲ ሃቦ፡ ባርያይ ዳዊት ኣነ እግዚኣብሄር ቤት ክሰርሓልካ ኢየ፡ መዓልትታትካ ምስ ተፈጸመ ምስ ኣቦታትካ ኽአ ምስ ዓረፍካ ንውሉድካ ደድሕሪኻ ንጉስ ክሸሞ እየ፡ ንሱ ብስመይ ቤት ኪሰርሕ እዩ፡ ዝፋን መንግስቱ ድማ ንዘለኣለም ከጽንዓ እየ በሎ።

9

ዳዊት ነቶም ካብ ስድራ ቤት ሳኦል ዝደሓኑ ኺሕግዞም ደለየ፡ ነቲ ስንኩል ዝነበረ መፊቦሸት ወዲ ዮናታን ጥራይ ድማ ረኸቦ። ዳዊት "ከም ሓደ ኻብ ደቂ ንጉስ ኣብ መኣደይ ይብላዕ" ድማ በለ። ዮናታን ናይ ቀረባ ዓርኩ ስለ ዝነበረ ድማ ዳዊት ንመፊቦሸት ሕያዋይ ነበረ።



10



ዳዊት ኣብ ኣምላኽ ክሳዕ ዝተኣመነ ንዳዊት ኣዝዩ ባርኾ፡ ሓደ መዓልቲ ግን ኣብ ህይወት ዳዊት ሕማቕ ኣጋጣሚ ኣጋነፎ፡ ዳዊት ንሰራዊቱ ኺዋግኡ ምስ ለኣኾም ንሱ ግን ኣብ ቤተ መንግስቱ ኣብ ኢየሩሳሌም ነበረ። ሓደ ለይቲ ዳዊት ክድቅስ ስለ ዘይከኣለ፡ ኣብ ልዕሊ ናሕሱ ኮይኑ ናብታ ከተማ ይምልከት ነበረ።

11



ዳዊት ሓንቲ መልክዕኛ ሰበይቲ ነብሳ ኽትሕጸብ ከላ ረኣየ፡ ስም እታ ሰበይቲ ድማ ቤርሳቤህ ይበሃል፡ ሰበይቲ ኦርዮን ዝተባህለ ተባዓት ወተሃደራት ዳዊት እኳ እንተ ነበረት ዳዊት ምስ ቤርሳቤህ ሓጥኣት ፈጸመ፡ ቤርሳቤህ ንዳዊት ውላድ ኽትወልድ ምዃና ምስ ነገረቶ ዳዊት ሓጢኣቱ ዝያዳ ጸገማት ይፈጥር ከም ዘሎ ፈለጠ።

12



ዳዊት ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ሓጢኣቱ ክንዲ ምንሳሕ፡ ክሸፍኖ ኢዩ ፈቲኑ፡ እዚ ፈጺሙ ንኡርያ እቲ ዚወልድ ሕጻን ናቱ ኸም ዝኾነ ገይሩ ምእንቲ ኺሓስብ ካብ ዓውዲ ኹናት ናብ ቤቱ ጸውዖ። ኡርያ ግን እቶም ብጾተይ ኣብ ውግእ ከለዉ ኣብ ቤቱ ኣይኣቱን ኢሉ፡ ኣፍ ደገ ቤት ንጉስ ደቀሰ፡ ሓጢ ኣትካ ምሕባሕ መፍትሒ ኣይከውንን ኢዩ።

13



ስለዚ ዳዊት ዝገደደ ኽፉእ ገበረ፡ ንኡርያ ደብዳበ ሂቡ ናብ ዓውዲ ኹናት ለኣኾ ። እታ ደብዳበ እቲ ጀነራል ንኡርያ ኣብ ቅድመ ውግእ ኣትዩ ከም ዝመውት ንምርግጋጽ ክገብር እትነግር ኢያ፡ ኡርያ ድማ ኣብኡ ሞተ ዳዊት ከኣ ንበርሳቤህ ሰበይቱ ክትኮኖ ወሰዳ።


14

ኣምላኽ ንኣገልጋሊኡ ናታን ሓጢኣቱ ንኺርእዮ ናብ ዳዊት ለኣኾ፡ ናታን ንዳዊት ብዛዕባ ሓደ ሃብታም ሰብኣይን ኣዝዩ ድኻን ሰብኣይን ዚገልጽ ዛንታ ነገሮ፡ እቲ ሃብታም ሰብኣይ በማኢታት ዚቘጸራ ኣባጊዕ ነበራኦ ። እቲ ድኻ ግና ከም ጓሉ ኣኽቢሩ ዚርእያ ሓንቲ ንእሽቶ ዕየት ጥራይ ነበረቶ።




15

ሓደ ጋሻ ናብ ሃብታም ምስ መጸ እቲ ሃብታም ንሓንቲ ኻብ ኣባጊዑ ክሓርደሉ ኣይደለየን ግዳ ነታ ናይቲ ድኻ ሰብኣይ ዕየት ሓሪዱ ነቲ ጋሻ ክበልዕ ኣዳለወሉ።




16

ዳዊት በቲ ሃብታም ሰብኣይ ዘርኣዮ ስስዐ ተቘጥዐ። "እዚ ዝገበረ ብርግጽ ኪመውት እዩ" ዝግብኦ ኢሉ ድማ ጨደረ።



17

እቲ ተባዕ ባርያ ኣምላኽ ናታን ንዳዊት "እዚ ሰብኣይ ንስኻ ኢኻ" በሎ። እቲ ዳዊት ዝገበሮ ነገር ካብቲ እቲ ሃብታም ሰብኣይ ኣብቲ ዛንታ ዝገበሮ ዝገደደ እዩ ነይሩ ።



18

ኣምላኽ ንዳዊት ክሳዕ ክንደይ እኩይ ምንባሩ ኣርኣዮ። ዳዊት ከኣ ብሓጢኣቱ ተጣዕሰ። ንኣምላኽ ድማ "ንዓኻ በዲለ እዚ እከይ እዚ ድማ ገይረ አለኹ" በሎ። ኣምላኽ ድማ ንዳዊት ሓጢኣቱ ምሕረት ገበረሉ፡ እቲ በርሳቤህ ዝወለደቶ ሕጻን ግን ኣዝዩ ሓመመ ድሕሪ ምውላዱ ኸኣ ነዊሕ ከይጸንሐ ሞተ ።



19

ኣምላኽ ንዳዊት ነቲ ኸቢድ ሓጢኣቱ ምሕረት ገበረሉ። ድሕሪኡ ቤርሳቤህ ሰሎሞን ዚበሃል ካልእ ውሉድ ወለደት ድሕሪ ዳዊት ድማ ዓብዩ ንጉስ ኮነ፡ ንጉስ ዳዊት ግን ብዙሓት ካልኦት ውሉዳት ነበርዎ ገለ ኻባታቶም ከኣ ን ዳዊት ኣጉሃይዎ።



20


ዳዊት እቲ ንጉስ (ካልኣይ ክፋል)

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

2 ሳሙኤል 1-12

″ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ
ይህብ።″ መዝሙር 119፤130








እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፤

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፤ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፤ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፤ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቅረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፤

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፤ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፤ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፤” ኣሜን፤

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ!
የውሃንስ 3።16